ካቶሊካዊ መንበረ ሊቀ ጳጳሳት ዘአሥመራ

## ካቶሊካዊ ርእሰ ኤጳርቅና ዘበአሥመራ
## አሥመራ - ኤርትራ

# ጊዜ ከሎና ጊዜ ኣይንጸበ

መስከረም ፩ ፳፻፲፱ መስከረም 11፡ 2026

ፍቁራትን ፍቁራንን ሕዝበ እግዚኣብሔር፣ ነዚ ኣምላኽ ብሕያውነቱ ዝሀበና ዘሎ ሓዲስ ዓመት ምሕረት፣ ብምስጋና ክንቅበል ከሎና፣ ቅድሚ ኩሉ *"ጊዜ ከሎካ ጊዜ ኣይትጸበ"* ዝብል ብሂል ሃገርና ክንዝክር ኣድላዪ እዩ። ንምኻኑ ጊዜኽ እንታይ ማለት እዩ? ኢልና ንርእስና ክንሓትት እውን ሓጋዚ እዩ። ከም ክርስትያን ንጊዜ ብኽልተ መንገዲ ክንርእዮ ወይ ክንርድኦ ንኽእል። ኣብ ሓዲስ ኪዳን ብፍላይ፣ ጊዜ ክልተ ንጹር ትርጉም እዩ ዝህቦ።

እቲ ቀዳማይ ትርጉሙ፣ ብቛንቋ ግሪኽ (ጽርኢ) ክሮኖስ ተባሂሉ ይጽዋዕ። እዚ ከኣ ናይ ጊዜን ሰዓታትን፣ ናይ መዓልታትን ኣዋርሕን፣ ናይ ዓመታትን ዘመናትን፣ ብቕደም ተኸተል ምሕላፍ የስምዕ። ንኣብነት መዓልቲ ለይቲ እናበልና፣ ንመዓልቲ ከኣ ንግሆ ቀትሪ ምሸት ብምባል ንፈላልዮ። ካብኡ ሓሊፍና ከኣ ንመዓልቲ ኮነ ንለይቲ ናብ ዓዓሰርተ ክልተ ሰዓታት ንከፍሎ። 12 ኣዋርሕ ደሚርና፣ ይኸውን ሓደ ዓመት ንብሎ። ንሓደ ዓመት ከኣ፣ ሓጋይ ጽድያ ክረምቲ ጽብሓት እናበልና ናብ ኣርባዕተ ወቕቲ ንመቕሎ። ብሓጺሩ እቲ ቀዳማይ ናይ ጊዜ ትርጉም ናይ መዓልትን ለይትን፣ ናይ ኣዋርሕን ዓመታትን ተኸታቲሉ ምሕላፍ እዩ ዘስምዕ። በዚ ምኽንያት ኣብ ኣገልግሎት ጽጽስና፣ ክህነት ውፉይ ሕይወት ወይ ኣብ ቃል ኪዳን ዘሕለፍናዮ፣ 10, 25, 50, 75 ዓመታት እናበልና ጽምብላት ንገብር። ናይ ምስጋና ጸሎትን መሰዋዕትን ነዕርግ። ሰብ ዝሓለና ናይ ጊዜ ኣጠቓቕማ ከምዚ ዝበለ እዩ። እዛ ንነብረላ ዘሎና ዓለም እግዚኣብሔር ከምዝመደበላ መጀመርታን መወዳእታን ኣለዋ። "ኣምላኽ ብመጀመርታ ሰማያትን ምድርን ፈጠረ"(ዘፍ 1:1)። ስለዚ ንጊዜ ዝፈጠረን፣ ዝምድብን ሓደ እግዚኣብሔር ምዃኑ ክንፈልጥ የድሊ።

እግዚኣብሔር ግን "ዘኣልቦ ጥንት ወኢተፍጻሜት"፣ መጀመርታን መጨረስታን ዘይብሉ ዘለዓለማዊ እዩ። በዚ ምኽንያት ዳዊት መዘምር ንእግዚኣብሔር፣ "ሽሕ ዓመት ኣብ ቅድሜኻ ከም እዛ ትማሊ ዝሓለፈት መዓልትን ከም ሓጺር ምንቃሕ ለይትን እየን"(መዝ 90:4) እናበለ ኣድናቖቱ ይገልጸሉ። ጉይታ ጊዜን ታሪኽን፣ እቲ ጥንቲ ከምዝነበረ፣ ሕጂን ንወትሩን ንዘለዓለም ዓለምን ዚነብር ሓደ እግዚኣብሔር ጥራይ እዩ። ጊዜ ዝፈጠረን ዝዕድልን እውን ንሱ ጥራሕ እዩ። ኦሪት ዘፍጥረት ቀጺሉ ከምዝብለና፣ *"ኣምላኽ ድማ 'ንመዓልቲ ካብ ለይቲ' ዝፈልዩ ብርሃናት ኣብ ጠፈር ሰማይ ይኹኑ ንዘመናትን ንመዓልታትን ዓመታትን ከኣ ንመፈለጥታ ይኹኑ። ኣብ ምድሪ ንምብራህ ፣ ኣብ ጠፈር ሰማይ ብርሃናት ይኹኑ' በለ፣ ከምኡ ድማ ኮነ። ኣምላኽ ከኣ ክልተ ዓበይቲ ብርሃናት ገበረ፣ እታ ዓባይ፣ ማለት ፀሓይ ብመዓልቲ ፣ እታ ንእሽቶ ፣ ማለት ወርሒ ድማ ብለይቲ ከም እተብርህ ገበረ። ከምኡውን ከዋኽብቲ ገበረ። ኣብ ልዕሊ ምድሪ ምእንቲ ከብርሁ፣ ኣብ መዓልትን ኣብ ለይትን ድማ ክሰልጥኑ፣ ንብርሃን እውን ካብ ጸልማት ኪፈልዩ፣ ኣምላኽ ኣብ ጠፈር ሰማይ ገበሮም። ኣምላኽ ድማ ጽቡቕ ከምዝኾነ ረአየ"(ዘፍ 1:14-22) ክብል ከሎ ፈጣርን ጐይታን ዓዳልን እቲ ኣብዛ ምድራዊት ሕይወትና ዘሎና ጊዜ እግዚኣብሔር ብርእሱ ምዃኑ እዩ ዘረድኣና። ኣምላኽ፣ *"ካብ መጀመርታ ነቲ መወዳእታ፣ ካብ ጥንቲ ገና ከይኮነ ከሎ ነቲ ኪኸውን ዘንበሮ ዝነገርኩ ኣነ እየ"* (ኢሳ 46:10) ክብለና ከሎ ኩሉ ዝፈልጥ፣ ኩሉ ዝኽእልን፣ ኩሉ ዝርእን፣ ንሱ ጥራይ ምዃኑ ይገልጸልና። ንሕና ደቂ ሰብ ግና *"ዕድሜና ሰብዓ ዓመት፣ እንተ በዝሐ ከኣ ሰማንያ ዓመት እዩ፣ እዚ ከኣ ጻዕርን መከራን እዩ ዘምጽኣልና። ዕድሜና ቀልጢፉ ይሓልፍ፣ ነፈርናውን ንኸይድ"* (መዝ 90:10)፣ ስለዚ ከኣ፣ *"ጥበበይናታት ምእንቲ ክንከውንሲ፣ እቲ ዕድሜና ሓጺር ምዃኑ ምሃረና"* (መዝ 90:12) እናበልና መዓልቲ መጽአ፣ ዓመት መጽአ፣ ደጋጊምና ንእግዚኣብሔር ክንልምኖ ይግባእ። ዕድመና ካብ ኣምላኽ እንቕበሎ መክሊት እዩ፣ ከነፍርየሉ ከኣ ይግብኣና።

እቲ ካልኣይ ትርጉም ናይ ጊዜ እንደገና ብቛንቋ ግሪኽ (ጽርኢ) *ካይሮስ* ዝብል መጸውዒ ይወሃቦ። እዚ ከኣ ጊዜ ድኅነትና ዝፍጸመሉ ህያብ እግዚኣብሔር እዩ። በዚ ምኽንያት እዩ ቅዱስ ጳውሎስ ነቲ ነቢይ ኢሳይያስ "ብምችእቲ ጊዜ ሰማዕኩኻ፣ ብመዓልቲ ምድኃን ረዳእኩኻ" (ኢሳ 49:8) ዝበሎ ጠቒሱ፣ "እንሆ እታ ምችእቲ ሰዓት ሕጂ እያ፣ እንሆ እታ መዓልቲ ምድኃን ሕጂ እያ" (2ቆሮ 6:2) ብምባል ንምእመናን ቆሮንጦስ ኣምላኽ ንዝሃቦም ናይ ድኅነትን ቅድስናን ጊዜ ብዝግባእ ክጥቀሙሉ ኣተባብዖም። ንኣናውን ሎሚ ደጋጊሙ የዘኻኽረናን የተባብዓናን ከምዘሎ ተረዲእና፣ ድኅነትና፣ ወዓል ሕደር ዘይብሃል ዓቢይ ጸጋ ምዃኑ ከይንርስዕ የጠንቅቐና ኣሎ። ሓደ ካብቲ ንድኅነትና ብትግሃት ከይንሰርሕ ዝዕንቅጸና ነገር ከኣ 'ይጽንሓለይ ወይ ከርክበሉ እየ" ዝብል ናይ ሰብኣዊ ድኽመትናን ናይ ሰይጣንን ሜላ እዩ። ዘሎና ጊዜ ናይ እግዚኣብሔር እምበር ናትና ኣይኮነን። ጊዜናን ዕድመናን ኣብ ኢድና ምዃኑ እንተሓሲብና ግን ኣምላኽ፣ *"ኣንታ ዓሻ፣ በዛ ለይቲ እዚኣ ንነፍስኻ ካባኻ ክወስዱዋ እዮም፣ እዚ ዝደለብካዮ ደኣ ንመን ክኸውን እዩ"* (ሉቃ 12:20) ክብለና እዩ። ቅዱስ ያዕቆብ ኣብ መልእኽቱ፣ ነቶም ጊዜ ኣሎና እናበሉ ዝዛነዩ፣ ጊዜውን ኣብ ትሕቲ ቍጽጽሮም ኮይኑ ዝሰምዖም ሰባት፣ ንጹር ተግሳጽን መጠንቀቕታን ይህቦም። *"ንስኻትኩም ኣቲም 'ሎሚ ወይ ጽባሕ ናብታ ከተማ እቲኣ ክንከይድ ኢና፣ እናንገድና ምእንቲ ክንረብሕ ከኣ ኣብኣ ዓመት ክንቅመጥ ኢና' እትብሉ ስምዑ። ንስኻትኩም ነቲ ጽባሕ ዝኸውን እኳ ኣይትፈልጡን ኢኹም። ሕይወትኩም፥ እንታይ እያ? ንቍሩብ ጊዜ ተራእዩ ደኃር ዝበንን ሃፋ ኢኹም። ፡ጐይታ እንተ ፈቒዱዎ ብሕይወት ክንነብር ኢና'፣ ከምዚ ወይ ከምቲ ክንገብር ኢና፣ እዩ ክትብሉ ዝግብኣኩም ነቢሩ። ሕጂ ግና ትጀሃሩን ትምክሑን ኣሎኹም። ከምዚ ዝበለ ትምክሕቲ ኩሉ ክፉእ እዩ"* (ያዕ 4:13-16)።

መጽሓፍ ምሳሌ ከኣ *“መዓልቲ እትወልዶ ኣይትፈልጥን ኢኻ እሞ ብዛዕባ ጽባሕ ኣይትመካሕ”* (ምሳ 27:1) ብምባል ትምክሕትን ጃህራን ገዲፍና ነቲ እግዚኣብሔር ዝሀበና ጊዜ ብምስጋና ተቐቢልና፣ ንኽብሪ ኣምላኽን፣ ነገልግሎት ኣኅዋትናን/ኣኃትናን፣ ንድኅነት ርእስናን ክንጥቀመሉ ይዕድመና።

ብጽቡቕ እንተ ተጠቒምናሉ ጊዜ ወርቂ እዩ። እግዚኣብሔር ብለጋስነቱ ዝሀበና ጸጋ እዩ ክንብል ንኽእል። እግዚኣብሔር፣“ናይ ዘለዓለም ንጉሥ፣ ዘይመውት፣ ዘይርአ ሓደ ዝኾነ ኣምላኽ” (1ጢሞ 1:17) እዩ። እቲ ጐይታ ጊዜን ታሪኽን ዝኾነ ኣምላኽ ነታ ከተማኡ ዝኾነት ኢየሩሳሌም *“ኣነ እግዚኣብሔር ዘለዓለማዊ ብርሃንኪ ክኸውን እየ”* (ኢሳ 60:19) እናበለ ንነፍስ ወከፍና እውን ብርሃንና ክኸውን ከምዝደሊ የረጋግጸልና። ንሱ *“ጽቡቕ ፍቓዱ ኮይኑ ከኣ ነቲ ብክርስቶስ ገቢሩ ኣቐዲሙ ዝመደቦ ናይ ፍቓዱ ምሥጢር ኣፍለጠና። እዚ ከኣ እቲ ጊዜ ምስ ኣኸለ፣ ኣብ ሰማይ ኮነ ኣብ ምድሪ ዘሎ ኩሉ፣ ኣብ ትሕቲ ሥልጣን ክርስቶስ ምእንቲ ክጥቕለል እዩ”*(ኤፌ 1:9-10)። እግዚኣብሔር “ቀዳማይን ዳኅራዋይን ኣነ እየ፣ ብዘይካይ ካልእ ኣምላኽ የልቦን” (ኢሳ 44:6) ይብለና። ብዘይካኡ፣ ዝፈጠረናን፣ ዘድኅነናን፣ ናይ ድኅነት ጊዜን ዕድመን፣ ዝህበናን ወላ ሓደ ካልእ የልቦን። “እቲ ዘሎን ዝነበረን ዝመጽእን ኩሉ ዝኽእል እግዚኣብሔር ኣምላኽ፣ ‘ኣልፋን ኦመጋን ኣነ እየ” (ራእ 1:8) ንሱ ጥራይ እዩ። ብሓቂ፣ “ኢየሱስ ክርስቶስ ትማልን፣ ሎምን፣ ንዘለዓለም ንሱ እዩ” (ዕብ 13:8)። ስለዚ ጊዜ ከሎና ጊዜ ኣይንጸበ። ኢዮብ “መዓልታተይ ካብ ጕያዩ ይቕልጥፋ፣ ጽቡቕ ነገር ከይረኣያ በሪረን ይኃልፋ። አረ ከም ቅልጥፍቲ ጃልባ፣ ዝበልያ ክምንጥል ከምዝሸብብ ንስሪ ይኃልፋ” (ኢዮ 9:25-26) ከምዝበለ፣ ንጊዜና ከየፍረናሉ፣ ብከንቱ ከይኃልፈና ከኣ፣ ንርእስናን ንካልኦትን ብትግሃት ክንጥቀመሉ ንጽዓር። “እምበኣር ተጠንቀቑ፣ እቲ ቅንያቱ ክፉእ እዩ እሞ ነቲ ዝተዋህበኩም ጊዜ ብምሉኡ ኣብ ረብሓ እናውዓልኩም፣ ከም ዓያሹ ዘይኮነስ ከም ለባማት ንበሩ። ምእንትዚ እቲ ፍቓድ ጐይታ እንታይ ምዃኑ ኣስተውዕሉ፣ እምበር ዓያሹ ኣይትኹኑ”(ኤፌ5፥15-17)

ቅዱስ ጳውሎስ፣ ነቶም እግዚኣብሔር ንዝሃቦም ጊዜ ብጽቡቕ ተጠቒሞም ኣብ ጽቡቕ መዓላ ዘውዓሉዎ፣ *“ዓይኒ ዘይረኣየቶ፣ እዝኒ ዘይሰምዓቶ፣ ልቢ ሰብ ዘይሓለኖ፣ ኣምላኽ ነቶም ዘፍቅሩዎ ኣዳሊዉሎም ኣሎ”* (1ቆሮ 2:9) ይብል። እግዚኣብሔር ዘይጠልም እሙን ጐይታ ምዃኑ ዘጠራጥር የብልናን። ንድኅነትና ዘድሊ ግልጸት ተዋሂቡና እዩ። ስለዚ፣ ራእይ ዮሓንስ *“እቲ ጊዜ ቀረባ እዩ እሞ፣ ንቃል ትንቢት እዚ መጽሓፍ እዚ ምሥጢር ገቢርካ ኣይትኃዞ”*(ራእ 22:10) ይብለና። እቲ እዋን ድኅነትና ከምዝበጽሐ ባዕሉ መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ እውን፣ *“እቲ እዋን በጺሑ እዩ፣ መንግሥቲ ኣምላኽ ከኣ ቀሪባ እያ እሞ ተነስሑ ብወንጌልውን እመኑ”* (ማር 1:14-15) እናበለ የበሠረናን የረጋግጸናን። ስለዚ ጊዜ ከሎና ጊዜ ኣይንጸበ። መድኃኔ ዓለም፣ ኣብዚ እንኣትዎ ዘሎና ሓዲስ ዓመት ሉቃስ እውን ንነፍስ ወከፍና፣“ኣልፋን ኦሜጋን፣ *መጀመርታን መወዳእታን ኣነ እየ። ንዝጸምአ ካብ ዓይኒ ማይ-ሕይወት ክሰቲ ብኸምኡ ክህቦ እየ”*(ራእ 21:6) ይብለና ኣሎ። ንኣና ምእንቲ ክሕሽና ብታሕጓስ ሕራይ ንበሎ።

ንሕና ደቂ ሰብ፣ ብጊዜን ብቦታን ድሩታት ኢና። ንውለድ፣ ንዓቢ፣ ንመውት። ኢዮብ ጻድቕ ከምዝብሎ፣ *“ዕድመ ሰብ ምዱብ እዩ፣ ኣዋርኅ ኣባኻ ቍሩጽ እዩ፣ ዘይኃልፋ ደረትውን ወሰንካሉ”* (ኢዮ 14:5)። *መዝሙር ዳዊት እውን ደጋጊሙ “ሰብ ሸው ኢሉ ከም ዝኃልፍ ንፋስ እዩ፣ መዓልትታቱ፣ ከም ዝኃልፍ ጽላሎት እየን’* (መዝ 144:4) ብምባል፣ ጊዜን ዕድመ ደቂ ሰብን፣ ቀልጢፉ ከምዝኃልፍ የረጋግጽ። ካብ እንፍጠር ክሳዕ እንመውት ዝከታተለናን ኣዕሚቑ ዝፈልጠናን እግዚኣብሔር ጥራይ እዩ። *“ኣዕይንትኻ ድቂ ከሎኹ ረኣያኒ፣ እቲ ምዱብ ዕድመይ ገና ከይጀመረ ከሎ ኩሉ ኣብ መጽሓፍካ ጽሑፍ እዩ”* (መዝ 139:16)። ስለዚ ነፍስ ወከፍና ምስ ዳዊት መዘምር ኮይኑ፣ ንእግዚኣብሔር *“ሕይወተይ ኣብ ኢድካ እዩ”* (መዝ 31:15) ይበሎ። ኣብዚ ሓዲስ ዓመት ከኣ፣ በቲ ኣምላኽ ዝሃበና ዕድመን ሓዲስ ዕድልን እናመስገንና ንጊዜና ብጽቡቕ ክንጥቀመሉ ቍርጺ ፍቓድ ንግበር። መዓልቲ መጸ ነቲ መድኃኒና ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ *“እምበኣርከስ ንስኻትኩምውን ወዲ ሰብ ብዘይ ሓሰብኩምዎ ሰዓት ክመጽእ እዩ እሞ፣ ተዳሊኹም ንበሩ”* (ማቴ 24:44) ዝበሎ ቃል ሕይወት እናዘከርና ብእኡ ንመራሕ። ተዳሊኻ ምንባር ማለት ነቲ እግዚኣብሔር ዝሃበካ ጊዜን ዕድመን ብጽቡቕ ምምዳብን፣ ፍቓዱ ንምፍጻም ዕቱብ ጻዕሪ ምግባርን የድሊ። ጊዜ ህያብ ኣምላኽ ስለዝኾነ ንሱ ኣብ ዝደልዮ ሓናጺ ዘረባን፣ ሰናይ ግብርን ከነውዕሎ ይግባእ። ጊዜና ኣብ ሓሜትን ፍርድን፣ ባእስን፣ ቂምን በቐልን፣ ካልእ ንፍቓድ እግዚኣብሔር ዝቃወም ተግባራትን ከይነውዕሎ ወይ ንኸንቱ ከይነሕልፎ ኣዚና ክንጥንቀቕ የድሊ።

እምበኣር፣ እቲ *“ዝናም ብጊዜኡ ከውርድ፣ ዝናም በረኸት ክኸውን እዩ”* (ሕዝ 34:26) ዝበለ ጐይታ ብጠለ ዝናሙ ይተዓረቐና። ካብ ውግእን ወረ ውግእን ይሰውረና። ዓመት ሰላምን፣ ፍቕርን፣ ራህዋን ይኹነልና። ኣማላድነት ወላዲተ ኣምላኽ ወትሩ ምሳና ይኹን። ቡርኽ ዘመነ ሉቃስ ይግበረልና። ንዓመታ እዚ እዋን፣ ከይሸረፈ ከይጕረፈ ብድኃነ ሰላም የጽንሓና። ኣሜን።

ኣቡነ መንግሥተኣብ ተስፋማርያም
ሊቀ ጳጳሳት ዘመንበረ ኣሥመራ